TIGRINYA





# ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ ኣገልግሎታት ወለንታዊ ኣማኻሪ

# ብዛዕባ ኣገልግሎት ወለንታዊ ኣማኻሪ

## ብዛዕባ ዝስዕቡ ምኽሪ ክንህብ ንኽእል ኢና:



**ቀዋሚ መንበሪ**
ብዛዕባ ዓንቀጻት ቀዋሚ መንበሪ ክንመኽረኩም ንኽእል ኢና። ነቲ መመልከቲ ንምምላእን ንምስዳድን ክንሕግዘኩም ከምእውን ብዛዕባ ተኽእሎ ይግባይ ሓበሬታ ክንህበኩም ንኽእል ኢና።



**ምትእኽኻብ ስድራቤት**
ብዛዕባ ዓንቀጻት ምትእኽኻብ ስድራቤት ክንመኽረኩም ንኽእል ኢና። ነቲ መመልከቲ ንምምላእን ንምስዳድን ክንሕግዘኩም ከምእውን ብዛዕባ ተኽእሎ ይግባይ ሓበሬታ ክንህበኩም ንኽእል ኢና።



**ዜግነት ዴንማርክ**
ብዛዕባ ዜግነት ዴንማርክ ዝምልከት ዓንቀጻትን ከይዲን ክንመኽረኩም ንኽእል ኢና። ነቲ መመልከቲ ንምምላእን ንምስዳድን ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

# ብዛዕባ ኣገልግሎት ወለንታዊ ኣማኻሪ

# ብኸመይ ክንሕግዘኩም ንኽእል?

ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዴንማርክ ኣገልግሎት ወለንታዊ ኣማኻሪ ኣብ DRC፣ ስደተኛታትን ናይ ውሑዳት ድሕረ ባይታ ዘለዎም ሰባትን ነጻ፣ ዘይሻራዊን ናይ ዝተፈላለየ ሞያታትን ምኽሪ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

ብዛዕባ ምትእኽኻብ ስድራቤት፣ ቀዋሚ መንበሪን ዜግነት ዴንማርክን ክንመክር ንኽእል ኢና። ብተወሳኺ ካብ መንግስታዊ ሰበስልጣን ዝመጽእ ውሳነታት፣ ደብዳቤታት ኣብ ምርዳእን፡ ብዛዕባ ናይ ይግባይ ኣማራጺታት ሓበሬታ ኣብ ምሃብን ካልእን ክንሕግዝ ንኽእል ኢና።

እቲ ዘሕዝን ግን ብዛዕባ መንበሪ ገዛ ኣብ ምርካብ፣ ማሕበራዊ ሓገዛት ኣብ ምምኻር፣ ወይ ሕጋዊ መስርሕ ኣብ ምክያድ ክንሕግዝ ኣይንኽእልን ኢና። ኣብ ዕቑባ እውን ምኽሪ ኣይንህብን ኢና። ብዛዕባ ዑቕባ ወይ ምምላስ (ብወለንታ ናብ ዓዶም ምምላስ) ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም፣ በጃኹም **DRC ዴንማርክ ስደተኛ ቤት ምኽሪ ዑቕባ** ተወከሱ።

**ኢ-መይል:** advice@drc.ngo ወይ return.advice@drc.ngo
**ቴሌፎን:** + 45 33 73 50 00 ሰኑይ-ዓርቢ ካብ 9am-3pm.

# ቦታ ናይቲ ኣገልግሎታት ወለንታዊ ኣማኻሪ



# Copenhagen

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን:**
ስካን እቲ QR-ኮድ

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት:**
ረቡዕ 5pm-8pm
ሓሙስ 1pm-4pm

**ኢ-መይል:** rkbh@drc.ngo

**ኣገዳሲ ሓበሬታ:**
መጺኹም ንዝርከብ ወለንታዊ ኣማኻሪ ተጸበዩ። ምጽባይ ክህሉ ስለዝኽእል ድልዋት ክትኮኑ ኣለኩም። ናይ ምዕጻው መዓልታት ክህሉ ከም ዝኽእል ክትፈልጡ ንላቦ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ዌብ ሳይትና ተወከሱ

**ኣቓልቦ!**ብኢንተርነት ምኽሪ፣ ተርጓሚ እንተድልዩኩም፣ ወይ ክንፈልጦ ዝግበኣና ፍሉይ ኩነታት እንተሃልዩ፣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ርኸቡና።

# Ringsted

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን:**
ስካን እቲ QR-ኮድ

**ዝኸፈተሉ ሰዓታት:**
ረቡዕ ካብ 3:30pm-5:30pm

**ኢ-መይል:**
raadgivning.ringsted@drc.ngo

**ኣገዳሲ ሓበሬታ:**
ብቆጸራ ጥራሕ።

ናይ ምዕጻው መዓልታት ክህሉ ከም ዝኽእል ክትፈልጡ ንላቦ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ዌብ ሳይትና ተወከሱ

**ኣቓልቦ!** ቴለፎን እንተዘይመሊስና ኣብ ድምጺ መልእኽቲ ግደፉ ወይ ኢመይል ስደዱ። ክንምልሰልኩም ኢና።

# Odense

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን፡**
ስካን እቲ QR-ኮድ

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት፡**
ሰኑይ ካብ 4pm-7pm

**ኢ-መይል፡**
raadgivning.odense@drc.ngo

**ኣገዳሲ ሓበሬታ፡**
መጺኹም ንዝርከብ ወለንታዊ ኣማኻሪ ተጸበዩ። ምጽባይ ክህሉ ስለዝኽእል ድልዋት ክትኮኑ ኣለኩም። ናይ ምዕጻው መዓልታት ክህሉ ከም ዝኽእል ክትፈልጡ ንላቦ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ዌብ ሳይትና ተወከሱ

**ኣቓልቦ!**ብኢንተርነት ምኽሪ፣ ተርጓሚ እንተድልዩኹም፣ ወይ ክንፈልጦ ዝግበኣና ፍሉይ ኩነታት እንተሃልዩ፣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ርኸቡና።

# Århus

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን:**
ስካን እቲ QR-ኮድ

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት:**
ሰኑይ ካብ 5pm-7pm

**ኢ-መይል:**
raadgivning.aarhus@drc.ngo

**ኣገዳሲ ሓበሬታ:**
ብቆጸራ ጥራሕ።

**ኣቓልቦ!**ብኢንተርነት ምኽሪ፣ ተርጓሚ እንተድልዩኩም፣ ወይ ክንፈልጦ ዝግበኣና ፍሉይ ኩነታት እንተሃልዩ፣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ርኸቡና።

# Aalborg

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን፡**
ስካን እቲ QR-ኮድ

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት:**
ሰሉስ ካብ 5:30pm-7:30pm

**ኢ-መይል:**
raadgivning.aalborg@drc.ngo

**Iኣገዳሲ ሓበሬታ:**
ብቆጸራ ጥራሕ።

**ኣቓልቦ!**ብኢንተርነት ምኽሪ፣ ተርጓሚ እንተድልዩኹም፣ ወይ ክንፈልጦ ዝግበኣና ፍሉይ ኩነታት እንተሃልዩ፣ በጃኹም ኣቐዲምኩም ርኸቡና።

# Haderslev

**ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ተሌፎንን ናይ ስራሕ ሰዓታትን:** ስካን እቲQR-ኮድ

**lኣገዳሲ ሓበሬታ:** ብዘይ ቆጸራ ምኽሪ ምሃብ። መጺኹም ንዝርከብ ወለንታዊ ኣማኻሪ ተጸበዩ።

**ኢ-መይል:**
drchaderslev@frivillig.drc.ngo

# Holstebro

**ርክብ ሓበሬታን ኣድራሻን:**
ስካን እቲ QR-ኮድ


**ዝኽፈተሉ ሰዓታት:**
ሰሉስ ኣብ ብክልተ ዝምቀሉ ሰሙናት ካብ 4pm-6pm

**ኢ-መይል:**
raadgivning.holstebro@drc.ngo

**ኣገዳሲ ሓበሬታ:** ብዘይ ቆጸራ ምኽሪ ምሃብ። መጺኹም ንዝርከብ ወለንታዊ ኣማኻሪ ተጸበዩ።

## ሓበሬታ ብዛዕባ ቆጸራ ምሓዝ


ንገለ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎታት ቆጸራ ኣድላዪ እዩ።



ኣብቲ ኣብ ዝሓለፉ ገጻት ዘሎ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ፣ ብዛዕባ እቲ ውልቃዊ ኣማኻሪ ኣገልግሎትን ቆጸራ ምሓዝ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ዝብል ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። በጃኹም ኣስተውዕሉ፣ ኣብ ኣገልግሎታት ምኽሪ ናይ ምዕጻው መዓልታት ክህሉ ይኽእል እዩ። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ተወከሱ፥
**www.frivillig.drc.ngo/frivilligraadgivning**

## ወለንተኛ ተርጓሚ የድልየኩም ድዩ?

ወለንታዊ ተርጓሚ ብኣካል ወይ ብኢንተርነት ናይ ምትሓዝ ኣማራጺ ንህብ ኢና። ወለንታዊ ተርጓሚ ክረክብ ዝኽእል ኣቐዲምካ ብምትሓዝ ጥራይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ። ወለንተኛ ተርጓሚ ክንህብ ከም እንኽእል ንምርግጋጽ፣ ኣጸቢቕካ ቀዲምካ ቆጸራ ምትሓዝ ይምከር። ንምኽርኹም ቆጸራ ክትሕዙ ከለኹም ንወለንታዊ ተርጓሚ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። ወለንተኛ ተርጓሚ እንተዘይብልና፣ ወይ ንቋንቋኹም ዝኸውን ወለንተኛ ተርጓሚ ክንረክብ እንተዘይክኢልና፣ በጃኹም ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦ እትኣምንዎ ክትርጉመልኩም ዝኽእል ሰብ ኣምጽኡ።



## መን ነቲ ምኽሪ ይህብ?

እቶም ወለንታዊ ኣማኸርቲ ሕጋዊ ብቕዓት ዘለዎም፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት ወይ ኣገዳሲ ስልጠናን ተመኩሮን ዘለዎም ካልኦት ሰብ ሞያ ኮይኖም ብዘይ ክፍሊት፣ ብወለንታኦም ምኽሪ ዝህቡ እዮም። እቶም ኣማኸርቲ ናይ ምስጢራዊነት ግዴታ ኣለዎም፣ ውልቃዊ ሓበሬታኹም ድማ ኩሉ ግዜ ብውሑስን ብምስጢርን ይሕሎ።

## ንዓኹም ትኽክለኛ ኣማኸርቲ ዲና? ዝበለጸ ፍታሕ ንምርካብ ክንሕግዘኩም ኢና።

ንዓኹም ዝምጥን ኣማኸርቲ ም኿ንና ርግጸኛታት እንተዘይኮይንኩም፣ ንመብርሂ ክትረኽቡና ኩሉ ግዜ ድሉዋት ኢና። ክንሕግዘኩም እንተዘይክኢልና፣ ናብ ዝምልከቶ ኣማኻሪ ወይ ካልእ ንጠለባትኩም ብዝበለጸ ዝሰማማዕ ኣቕረብቲ ክንሕብረኩም ንፈቱ።



# ብዛዕባ እቲ ወለንታዊ ኣማኻሪ ኣገልግሎት ዝያዳ ክትፈልጡ ትደልዩ ዶ?

ኣብ ናይ መርበብ ሓበሬታና ኣብዚ ተወከሱ:
www.frivillig.drc.ngo/frivilligraadgivningen

ወይ ድማ ነቲ QR-ኮድ ስካን ግበሩ።
ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ወለንታዊ ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ውልቃዊ ኣማኻሪ ኣገልግሎታትን ኣድራሻታቶምን፣ ናይ ስራሕ ሰዓታት፣ ዝዕጻውሉ መዓልታት ዝያዳ ከተንብቡን ብብዙሕ ቋንቋታት ንዋትና ክትረኽቡን ትኽእሉ ኢኹም።

ኣገዳሲ ድሕረ ባይታ ከምእውን/ወይ ተመኩሮ እንተሃልዩኩምን ወለንታዊ ኣማኻሪ ክትኮኑ ምስ እትደልዩን፣ ክትረኽቡና ብጣዕሚ ድሉዋት ኢና።
ኣቓልቦ:ብሕታዊ ወይ ብጣዕሚ ኣገዳሲ ሓበሬታ ብኢ-መይል ኣይትስደዱ።